# ሳልሳይ ወያነ ትግራይ (ሳወት)


**ኣድራሻ**

**ዋና ቤት-ጽሕፈት፡-** ፊት ንፊት ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ቀዳማይ ወያነ፣ ክፍለከተማ ቀዳማይ ወያነ፣ መቐለ፣ ትግራይ!

**ስልኪ ፡-** 0914760832፣ 0913093322 0914140581፣ 0914485749፣ 0933477760

**ኢሜይል፡-** salsayweyanetigrai@gmail.com

**ፌስቡክ፡-** ሳልሳይ ወያነ ትግራይ - ሳወት

**ዩትዩብ፡-** ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

**ትዊተር፡-** @salsayweyaneti1

**ዌብሳይት፡-** www.salsayweyane.org

**ቑጽሪ ባንኪ ሳወት፡-**

- ኣንበሳ ባንኪ
  - 00110926246-13
  - Swift code: LIBSETAA
- ንግዲ ባንኪ
  - 1000334553788
  - CBETETAA


**ራእይ፡-**

ብርትዕቲ፣ ክብርቲ፣ ሰላማዊት፣ ምዕብልቲ፣ ማሕበረሰባዊ ርግዓት ዝወነነት፣ መንነታዊ ዘላቕነት ዘውሐሰት፣ ተበሃጊት፣ ማሕበራዊ ፍትሒን ዴሞክራሲን ኣሰፊና ገስጋሳይን ሕጕስን ማሕበረሰብ ዝነብረላ ትግራይ ምግሃድ!

## ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖምያዊን ናይ ፖሊሲ ኣንፈታት ሳወት

### ፖለቲካዊ ናይ ፖሊሲ ኣንፈት

- ብሄራዊ ረብሓ ትግራይ መሰረት ዝገበረ ፖለቲካ የሰጕም
- ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋጽን ንምድንፋዕን ብሄራዊ ቃልሲ ዝገብር ብሄራዊ ውድብ እዩ።
- ሸኻሉ ኣብ ትግራይ ገይሩ ብሄራዊ ረብሓ ዘደንፍዕን፣ ንተወሳኺ ረብሓታት ድማ ኣድማሱ (ራድየሱ) ዘግፍሕን ፖለቲካዊ ቃልሲ የሰጕም።
- ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ምስ ናይ ትግራይ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ብርኪን ነባራዊ ኩነታትን ብምጥዕዓም ይትግብር።
- ንመሰል ውልቀ-ሰባት ብዘይግህስ መልክዑ ንመሰል እኩባት (ሕብረተሰብ) ሓለፋ ይውህብ።
- መንነታዊ ቐጻልነት፣ ግዝኣታዊ ሓድነት፣ መንግስታዊ ቀጻልነት፣ ብሄራዊ ስምረትን ሓድነትን ብቕንዱ ዝቃልሰሎም መትከላት እዮም።
- መሰል ዓርሰ-ውሳነ ትግራይ ዘይዋገየሉ ዓንዲ እዩ። ጸፍሒታቱ ከኣ ካብ ልሕሉሕ ፌዴሬሽን ክሳብ ምስረታ ሃገረ-ትግራይ ይዝርግሑ።
- ኣብ እዚ ሕዚ እዋን ሓዱሽ ውዕል ዝጠልብ ሓዱሽ መድረኽ ከምዝበጻሕና ብምእማን፣ኣብ ውሽጢ ትግራይ ኰነ ኣብ ውሽጢ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ፣ ከምኡ እውን ኣብ ቐጠናና ሓዱሽ ውዕሊ የድሊ እዩ ኢሉ ይኣምን። ኣብ ውሽጢ ትግራይ ናይ ሓሳባትን ፖለቲካዊ ውዳበታትን ብዙሕነት ናይ ግድን ክኸበር፣ ዴሞክራሲ ክዕምብብ፣ ፍትሒ ክነግስ፣ ብሄራዊ ረብሓታት ዝሸራርፉን ብሄራዊ ሓድነት ዝሸርሽሩን ጉዳያት ብሓባር ብስምረት ምቅላስ የድሊ፣ ወዘተ፤ ኣብ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ ከኣ ልሕሉሕ ፌዴሬሽን ንክህሉ ሕገ-መንግስቲ ንክመሓየሽ፣ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ብክልላት ማዕረ ውክልና ንኽጣየሽ፣ ኢኮኖምያዊን ፖለቲካዊን ሓይሊን ስልጣንን ካብ ማእኸል ናብ ክልላት ክብተን፣ ፌደራላዊ መንግስቲ ብኣዋጃት ዝኣከቦም ዘይግብእዎ ስልጣናት ናብ ክልላት ክወርድ፣ ብሕገመንግስቲ ዝተማእኸሉ ንኣብነት፡- ምሕደራ ምንጪ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ቴሌኮምኒኬሽን፣ ፋይናንስ፣ ባንኪ፣ መጓዓዝያ ኣየር፣ ወዘተ ዝበሉ ከኣ ናብ ክልላት ክወርድ ይቃለስ። ኣብ ቐጠናና ድማ፣ ብፍላይ ምስ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ሰላማዊ ዝምድና ክምለስ፣ ኣብ ሓባራዊ ስትራቴጂካዊ ረብሓታት ተቐናጂኻ ዝስረሐሉ ኣግባብ ንምፍጣር ይሰርሕ።
- ሰብኣዊን ፖለቲካዊን መሰላት ሙሉእ ዘይጐደሎ ብተግባር ንክኽበሩ ይቃለስ፣ እዙይ ማለት ድማ ኣብ ብሕጊ ስለዝተደንገጉ ጥራሕ ዘይኰነስ ንተግባራውነቶም ኣድላዪ ዘበለ ቅድመ ኩነት ንኽማላእ ይሰርሕ። ንኣብነት፡- ሓሳብ ብጽሑፍ ናይ ምግላጽ መሰል ኣብ ሕገመንግስቲ ዝሰፈረ ዋላ እንተኾነ፣ ሓደ ሰብ እንተዘይተማሂሩ ግን ሓሳቡ ብጽሑፍ ክገልጽን ሕገመንግስታዊ መሰሉ ብዝግባእ ክጥቀምን ኣይኽእልን፣ ስለዝኾነ ድማ መጀመርታ ጽሬቱ ዝሓለወ ትምህርቲ የድልዩ እዩ ማለት እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ዘይተማሃረሉ ኩነታት “ሓሳብካ ብጽሑፍ ናይ ምግላጽ ሕገ-መንግስታዊ መሰል ኣሎ” ምባል ኣድማዓይነት ወይ ከኣ ተግባራዊነት እቲ መሰል ዝደኽመ ስለዝገብሮ፣ እቲ መሰል እውን ተኸቢሩ ምባል ኣይከኣልን። ውድብና ነዙይ ዝቐርፍ መፍትሒ የቕርብ!
- ምስ ጐረባብቲ ኣሕዋት ህዝብታት ዝህሉ ርክብ (ምስ ኣብ ውሽጢ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያን ካብ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ ወጻኢን ዘለው) ኣብ ሰላም ምክብባርን ምትሕብባርን ዝተመርኰዘ፣ ስትራቴጂካዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ብዝሓለወ መልክዑ ንክኾን ይሰርሕ።
- ብፍላይ ድማ ምስ ሓው ህዝቢ ኤርትራ ዘሎ ርክብ ናብ ንቡር ክምለስ፣ እቲ ዘሎ ናይ ኣይሰላም-ኣይኩናት ደውታ መዕለቢ ክረክብ፣ ዶብ ክልቲኤን ሃገራት ካብ ማእኸል ጽልኢን ምትፍናንን ወጺኡ፣ ናብ ማእኸል ማሕበረ-ኢኮኖምያዊን ፖለቲካዊን ምትሕብባርን ሕውነትን ንክቕየር ብዕቱብ ትኹረት ውሂቡ ይሰርሕ፣ ነዙይ ዘዐንቅፍ ዝኾነ ይኹን ውሽጣዊ ወይ ደጋዊ ሓይሊ ምስ ተመሳሳሊ ዕላማ ዝተሓንገጡ ኣካላት ብምትሕብባር ይቃለሶ።

- ኣሰራርሓን መሓውርን መንግስቲን ፖለቲካዊ ውድብን ከይተሓናፈጹን ሕገመንግስቲ ብዝተኸተለ መልክዑ ንክኸዱን ብዕቱብ ይሰርሕ። ብሓፈሻ ከአ ትካላዊ ኣሰራርሓን ትካላውነትን ንኽሰርጽ ይገብር።
- ናይ ሓፋሽ ማሕበራት ኰነ ሲቪክ ውዳበታት ካብ ዝኾነ ይኹን ጸቕጢን ጽልዋን ናጻ ኰይነን ዕላምአን ከሰጉማ ይሰርሕ።
- ስድራ እታ ዝነኣሰት ፖለቲካዊት ሰረት እያ ኢሉ ብምውሳድ፣ ኣብኣ ዴሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ጾታዊ ማዕርነት፣ ብሄራዊ ዕላማን መንፈስን ንክህሉን ብሄራዊ ተልእኾ ንክትሕንገጥን ወዘተ ይሰርሕ።
- ካብቲ ነባራዊ ኩነታት ትግራይን ካብ ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ዴሞክራሲን ዝተቐድሑ ሓርነት፣ ማሕበረሰባዊ ፍትሒን ብሄራዊ ስምረትን ከም ቀንዲ ዓንድታት ዝሓዘ ፖለቲካዊ ቃልሲ የሰጉም።

## ኢኮኖምያዊ ናይ ፖሊሲ ኣንፈት

- ሕጊ ናጻ ዕዳጋ ዝመርሓን ማሕበራዊ ፍትሒ ዘንገሰን ስርዓተ-ኢኮኖሚ ይሃንጽ።
- ኣብ መትከላት ኢኮኖምያዊ ዕብየት፣ ማሕበራዊ ፍትሒን ቐጻልነትን ዝተደረኸ ዝተመጣጠነ ናይ ኢኮኖምያዊ ልምዓት ስትራቴጂ ይኽተል።
- ንሃፍተ-ገነት ትግራይ ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ንኹሎም ዘፈራት ኢኮኖሚ (ሕርሻ፣ ቱሪዝም፣ ኢንዱስትሪ፣ ግልጋሎትን፣ ወዘተ) ኣድላዪ ዘበለ ጠመተ ተዋሂብዎም እናተመጋገቡ ንክኸዱ ዝገብር ተመጣጣኒን ተመጋጋቢን መንገዲ ልምዓት ይኽተል።
- መንግስቲ ንድሌት ህዝቢ መሰረት ብምግባር ኣብ ከይዲ ምፍራይ፣ ዝርገሐን ዘፈር ግልጋሎትን ብሕጊ ናጻ ዕዳጋ ኣቢሉ ማዕረ ምስ ውልቀ ሰብ-ሃፍቲ ከወዳደር ይኽእል። ብሕጊ ናጻ ዕዳጋ ይወዳደር እምበር ብብሕቱ ዝሕዞ ዘፈር ኢኮኖሚ ኣይህሉን!
- መንግስቲ ኣብቲ ከይዲ ህንጸት ኢኮኖሚ ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ምዕባለታትን ናይ ዕዳጋ ለውጢታትን (ንኣብነት፦ ናይ ቴክኖሎጂን ጠለብ ሓዱሽ ክእለት ዝተዓጠቐ ሓይሊ ሰብን) ስዒቡ፣ እቲ ዕዳጋ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከብጽሖ ንዝኽእል ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጉድኣት ኣቐዲሙ ብምክልኻል ኢኮኖምያዊ ድሕንነትን ርግኣትን ህዝቢ ብምውሓስ፣ እቲ ህዝቢ ኣብቲ ዕዳጋ ተወዳዳራይ ኰይኑ ንኽጸንሕ ይገብር።
- ማዕረ ዕድልን ፍትሓዊ ተወዳዳራይነትን ንክህሉ ብምግባር፣ ኩሉ ሰብ ካብ ሃፍቲን ጸጋታትን እታ ዓዲ ብፍትሓዊ መንገዲ ተጠቃሚ ብምግባር፣ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንኽወጽእን ሃፍቲ ንኽዋህልልን ይሰርሕ፣ ዝተዋህለለ ሃፍቲ ከኣ ኣብ ዝርግሐ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ማይ፣ መሰረተ-ልምዓትን ዝውዕሉ ኣግባብ ይሕንጽጽ።
- ደርባዊ ሕብረትን ምሕዝናን ብሄራዊ ስምረትን ንክህሉ ብምግባር፣ ህዝቢ ትግራይ ንኹለ-መዳያዊ ልምዓት ዓዲ ኣብ ጽላል ትግራዋይነት ዓሲሉ ንኽረባረብ ይሰርሕ።
- ምስ ልምዓት ከተማ ተተሓሒዙ፣ መስርሕ ናይ ፍልጠት ኢኮኖሚ የተኣታቱ፣ ብኡ ኣቢሉ ድማ እቶም ካልኦት ዘፈራት ቅልጣፈኦምን ከዘምኑ ጽሬትን በዝሒን ምህርቶም ክውስኽን፣ ውጽኢት ፈጠራን ቴክኖሎጂን እውን ተወሳኺ ኣታዊ ክኾን ይሰርሕ።
- ብሄራዊ ልኡኽቶ ተሓንጊጡ ኣብ ብሄራዊ ቃልሲ እጃሙ ዘበርክት ብሄርተኛ በዓል ሃፍቲ ንኽፍጠር ይሰርሕ።
- ምሕደራ መሬት ገጠርን ከተማን ካብ ግዕዝይና ዝጸረየ፣ ግልጽነትን ተሓታትነትን ዘለዎን፣ ሕጊ ዝተኸተለን ይገብር። ናይ ሊዝ ስርዓት ይቐሪ፣ ኣብ ክንድኡ ከኣ እቲ ናብ በዓል ዋና መሬት ዝኾነ ገባር ዝሳተፈሉን፣ ነቲ ኣብቲ መሬት ዝወሰኾ ልምዓት ኣብ ግምት ዘእተወን ካብቲ ዘጥረዮ ልምዓት ተረባሒ ዝኾነሉን ግቡእ ስርዓት ይተክል።
- ኣብ ገጸር፣ ጣብያ እታ ዝነኣሰት ናይ ኢኮኖሚ ሰረት እያ ኢሉ ይወስድ። ናብኣ ማይ፣ ዘመናዊ ድኹዒን ዘመናዊ ኣሰራርሓታትን፣ ናይ ሕርሻ ናውቲ፣ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን፣ ዘፈር ቱሪዝምን ወዘተ ብምትእትታው፣ ብምግቢ ዓርሳ ክኢላ ንኽተማ ሰደድ እትገብር፣ መንነታን ባህላን ዝዓቀበትን ዘደንፈዐትን፣ ሓምለወይቲን ንናብራ ምቹውቲን ንክትኮን ይሰርሕ።

## ማሕበራዊ ናይ ፖሊሲ ኣንፈት

- ማሕበረሰባዊ ፍትሒ ብምንጋስ ብዋናነት ሓድነቱን ብሄራዊ ስምረቱን ዘውሐሰ፣ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ነኒባዕሉ ዝተሓባበር፣ ገስጋሳይ፣ ርጉዕን ሕሑስን ማሕበረሰብ ንክህሉ ይሰርሕ።
- ማሕበራዊ ፍትሒ እንትበሃል ማዕረ ዕድል ኣብ ምፍጣር ዘድሀብ ኰይኑ፣ ጽሬቱ ዝሓለወ ትምህርቲ፣ ጥዕናን መሰረተ ልምዓትን ብምቕራብ፣ ጥዕንኡ ዝተሓለወ፣ ንዘመኑን ዕዳጋን ዝምጥን ፍልጠትን ክእለትን ዝተዓጠቐ፣ ተወዳዳራይ፣ ዘይተበታተነን ማሕበራዊ ምትእስሳሩ ዘደንፈዐን፣ ኣብ ብሄራዊ መንነቱ ከኣ ብስምረት ዝዓሰለን ማሕበረሰብ ክህሉ ብምግባር ይግለጽ።
- ክብርታቱ፣ ታሪኹ፣ ባህሉን ቋንቋኡን ዝዓቀበን ዘደንፈዐን፣ ዘቤታዊ ፍልጠታቱ ዝመረመረን ኣብ ረብሓ ዘውዓለን፣ ናይ ባዕሉ ኣሰር ዘለዎ ስልጣነ ሒዙ ናብ ናይ ዓለም መድረኽ ዝቐርብ ማሕበረሰብ ንኽህሉ ይሰርሕ።
- ጾታዊ ማዕርነት ካብ ስድራ ጀሚሩ ክሳብ ብብርኪ ማሕበረሰብ ዘረጋገጸ፣ ህጻናቱ ብዝግባእ ዝሕብሕብ፣ ተፈጥሮኣዊ ፍሉይ ንቕሓት እንትህሉ ኩስኪሱ ዘዕቢ፣ ሳይንሳዊን ምኽንያታውን ኣተሓሳስባ ዘማዕበለ፣ ተመራማራይን ገስጋሳይን ማሕበረሰብ ዝሃንጽ ስርዓት ይተክል።
- ፍትሓዊ ዝርግሐ ዘለዎን ድሌት ህዝቢ ዘርዊን ኩለ-መዳያዊ ግልጋሎት የቕርብ።
- ብሄራዊ መንነቱ ዝዓቀበን ዘደንፈዐን፣ ብሄራዊ ረብሓታቱ ብዝግባእ ዘለለየ፣ ብሄራዊ ዕላማ ተሓንጊጡን፣ ብሄራዊ ስምረት ፈጢሩን ኣብ ልምዓት ዝወፍር ማሕበረሰብ ይፈጥር።

**ሓዱሽ ውዕሊ፣ ሓዱሽ ምዕራፍ!**

**ሳወት ይምረጹ፣ መጻኢኦም የውሕሱ!**

